ሲኒማቶግራፊ

ብመ. ጠዓመ ኣረፋይነ



- ሲነማቶግራፊ ካብ ናይ ግሪኽ ቃላት ዝረዓመ ኮይኑ “ kinema”(ምንቅስቓስ) “ graphe” ከኣ (ስእሊ ወይ ድማ ምስኣል) ይትርጎም። ብምጥቓላል ሲነማቶግራፊ “ተንቀሳቓሲ ስእሊ ምስኣል “ የስምዕ።

- ብሕጽር ዝበለ በቲ ዝተሓተ መባእታዊ ኣገላልጻ ሲነማቶግራፊ ማለት ብብርሃን ወይ ዉን ከኣ ብኤለክትሮ ማግኔታዊ ጨራ ተጠቒምካ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ምቕራጽ ማለት እዩ።

- ኣብመስርሕ ምዕያይ ፊልም “ ሲነማቶግራፊ” ከም ሓንቲ ርእሳ ዝኾኣለት ኣሃዱ(ጉጅለ) እያ። ኣብ ትሕቲ እዛ ኣሃዱ እዞም ዝስዕቡ ሰባት ይጥርነፉ ።
- ዳይረክተር ፎቶግራፍ ማለት ሲነማቶግራፈር
- ካሜራ ኦፕሬተር (ካሜራ ማን)
- ቀዳማይ ተሓጋጋዚ ካሜራ ማን (focus puller) focus ናይ ለንስ ዝከታተል
- ካልኣይ ተሓጋጋዚ ካሜራ ማን (ፊልም፣ ባትሪ ዝመልእ)

- ምክትታል ቴክኒካዊ መዳይ ናይ ስእሊ ከም ብርሃን፡ መርጻ ለንሰ፡ Exposure; filtration ዕማም ሓደ ሲነማቶግራፈር እዮም።

- ሲነማቶግራፈር ምስ ኣላዩ ብጥቡቕ ክሰርሕ ኣለዎ ፡ ምኽንያቱ ነቲ ኣላዩ ኣብ ሓንጎሉ ዝቐረጸም ስእልታትን ትርኢታትን ከምታ ኣላዩ ዝደለያ ጌሩ ኣብ ግብሪ ተርጉሙ ናብ ዓይኒ ተዓዘብቲ ዘብጽሕ ስለ ዝኾነ።

- ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ኣብ ዓዉዲ ሲነማቶግራፊ ተራ ናይ ብርሃን ኣገዛዩ ወሳኒ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ብርሃን ማለት ሲነማቶግራፊ እዩ።
- እዛ “ ፎቶግራፍ” እትብል ቃል ብክልተ ቃላት ዝቐመት ኮይና “ ፎቶ” ብርሃን ክኸዉን እንከሎ “ ግራፍ” ከኣ ምስኣል እዩ። ስለዚ ፎቶግራፍ ማለት “ ብብርሃን ተጠቂምካ ምስኣል ማለት'ዩ”።
- ስለዚ ሓደ ሲነማቶግራፈር ንኣምራትን ጠባያትን ናይ ብርሃን ብዝግባእ ክፈልጦም ኣለዎ።

ንገለ ካብ ጠባያት ብርሃን ምስ ንርኢ

1. ነጸብራቕ(reflection)

ብርሃን ካብ ባይታ ሃሪሙ ናብ ኣየር ክምለስ እንከሎ ነጸብራቕ ይበሃል።




FIGURE *Reflection.*

- **2 ምዕጻፉ(refraction)**

ብርሃን ብመሰጋገሪ (medium) ናብ ካልእ ክሓልፍ እንከሎ ይዕጸፍ'ዩ ። ንኣብነት ብርሃን ካብ ኣየር ናብ ማይ ወይ ዉን ጥርሙስ(glass) ክሓልፍ እንከሎ ይዕጸፍ ወይ ይጥምዘዝ።_




FIGURE *Refraction.*

3 ምትሕልላፍ (transmision)

እዚ ብርሃን ብማእከላይ መተሓላለፊ (medium) ክሓልፍ እንከሎ የመልክት።




FIGURE *Transmission.*

4 . ምፍንጫል (diffraction)

ብርሃን ብመተሓላለፊ ሓሊፉ ኣብ ጫፍ ምስ በጽሐ ተዓጺፉ ናብ እኩባት ጨራታት ክፈናጨል እንከሎ የመልክት።




FIGURE *Diffraction.*

- **5. ምዝርጋሕ(diffusion)**

ብርሃን ናብ ባይታ ምስ ዓለበ፡ ካብ ባይታ ናብ ኩሉ ኣንፈታት ፋሕ ኢሉ ይዝርጋሕ።




FIGURE *Diffusion.*

- ## 6. ምምጻይ (obsorbation)

ብርሃን ምስ ዝኾነ ተሪር፡ ሓርፋፍ ወይ ዉን ጸሊም መጋረዲ ምስ ዝጋጨ ፡ ክሓልፍ ኮነ ኣንጸባሪቑ ክምለስ ሰለ ዘይክእል ኣብ ዘለዎ ተሰትዩ ይተርፍ።




FIGURE *Absorption.*

ኣምራት ሲነማቶግራፊ

- **ቅለዕ (shot)**

❖ ካሜራ ተተኺላ ካብታ ምቕራጽ ወይ ምስኣል ዝጀመረትላ ክሳብ ዝወዳኣትላ ብዘይ ምቁራጽ ዝቅረጹ ስእልታት ቅላዓት ይበሃሉ።

❖ ኩሉ ግዜ ቅላዓት ብedits ይፈላለዩ።

ይቕጽል. . . . . .

- **ትርኢት (scene)**


- ኣብ ሓደ ቦታን ግዜን ዝተቐርጹ ተኸታተልቲ ቅላዓት ተደሚሮም ብሓባር ሓንቲ ትርኢት (scene) የቕሙ።
- ምቕያር ናይ ትርኢት ንምቕያር ናይ ቦታ፣ ግዜ ወይ ከኣ ኩነታት የመልክት።
- ሓንቲ ትርኢት ብዝተፈላለያ ካሜራታትን ናይ ብርሃን ኩርናዓትን ብዙሕ ግዜ እያ ትሰኣል።

ይቕጽል. . . . . .

- **ሰነ ሕብሪ ናይ ስእሊ (tonality)**
- tonality መጠን ዝርገሐ፡ ደረት፡ ሕብርታት ድነ (shades)፡ ምቕናን ትኽ ምባልን ናይ ብርሃን ኣብ ስእሊ የጠቓልል። እዚ እርስቲ'ዚ ከኣ ን
- contrast
- Exposure
- technological manipulation of coloring ይሓቁፍ

ይቕጽል. . . . . .

- **contrast**
  - ኣብ መንጎ ብሩህን ጸልማትን tones ናይ ስእሊ ዘሎ ፍልልይ ብምንጽጻር የርኢ። ስሙ ከም ዘመልክቶ contrast ማለት ውድድር፣ ምንጽጻር ማለት እዩ።



ይቐጽል. . . . . .

- **High contrast**
  - ኣብ መንጎ ብሩህን ጸልማትን tones ዘሎ ፍልልይ ብዙሕ ኣይኮነን፡ ዕሙር ; ጽዑቕ (saturate) ሕብሪ ከኣ ይፈጥር።



ይቅጽል. . . . . .

Low contrast

ኣብ መንጎ ብሩህን ጸልማትን tones ዘሎ ፍልልይ ኣዝዩ ዓብይ እዩ።





ይቹጽል. . . . . .

- **Exposure**
  - መስርሕ ስእሊ እናተኻየደ እንከሎ ን ዓቑንን ብዝሕን ብለንስ ናይ ካሜራዝሓለፈ ብርሃን የመልክት።



ይቅጽል. . . . . .

over Exposure

- ዓቅን ብርሃን ስለ ዝበዝሐ እቲ ስእሊ ልዕሊ ዓቀን ደሚቹ ይርእ።





ይቸጽል. . . . . .

- **Under Exposure**
  - ዓቸን ብርሃን ኣዝዩ ስለ ዝተሓተ እቲ ስእሊ ቅሩብ ጽልም ዝበለ ኮይኑ ይርአ ኣሎ።



ይቅጽል. . . . . .

- **technological manipulation**



Light Filter

ይቅጽል. . . . . .



Tinting/Toning




Hand/Digital Coloring

ዓንኬል ሕብርታት (color wheel)

-


- ዓንኬል ሕብርታት ንመበቆልን ዓይነትን ሕብርታት ብቐሊሉ ክንርእየሉን ክንመሃረሉን እንኽእል ንድፍዊ መግለጺS (diagram) ኮይኑ ሕብርታትን ኣብ መንጉኡም ዘሎ ምትእስሳርን ዝምድናን የርኢ።



- ብሓፈሽኡ ሕብርታት ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ክንከፋፍሎም ንኽእል።


1.መሰረታዉያን ሕብርታት (primary colors)

- መሰረታዉያን ሕብርታት ንቐይሕ፡ ሰማያዊ፡ ብጫ ዝሓቑፉ እዮም። እዞም ሕብርታት ንንሕድሕዶም ምስ ተሓዋወሱ ካልኣይ ደረጃ ሕብሪ ይፈጥሩ። መሰረታዉያን ሕብርታት pure colors (ሕዋስ ዘይብሎም ሕብርታት) ተባሂሎም ዉን ይፍለጡ እዮም።




2. ካልኣይ ደረጃ ሕብርታት (secondary colors)

- እዞም ሕብርታት ዉጽኢት ሕድሕድ ምትሕዉዋስ መሰረታዉያን ሕብርታት እዮም።ኣብትሕቲ እዚ ምድብ ከኣ ቀጠልያ፡ ኣራንሾኒ፡ሊላ ይጥርነፉ።



- **ሳልሳይ ደረጃ ሕብርታት (tertiary colors)**
  - _ሳልሳይ ደረጃ ሕብርታት ዉጽኢት ምትሕዉዋስ ካልኣይ ደረጃ ሕብርታት እየ።



ጠባያት ሕብሪ

- ቀለም (hue) ሓደ ካብቶም ቀንዲ መለለዩ ጠባያት ናይ ሕብሪ ‘ዩ። ጻዕቅን ብሩህነትን ዘለዎም ሕብርታት ከም በዓል ቀይሕ፣ ሰማያዊ፣ብጫ ከኣ ነዚ ጠባይ ይዉክሉ። ከም በዓል ጻዕዳ ፣ ጸሊም፣ ሓሙኽሽታይ ድማ ቀለም ኣልቦ (achromatic) ተባሂሎም ይጽዉዑ።
- ብልምዲ ንቀለምን (hue) ሕብርን (color) ከም ሓደ ዓይነት ኢና ንወስዶ። ቀለም ከም መጸዉዒ ንጻዕቅን ብሩህነትን ዘለዋም ሕብርታት(chromatic) ኢና ንጥቀመሉ ንኣብነት ንጻዕዳ ፣ ጸሊም፣ ሓሙኽሽታይ ሕብርታት ደኣ እምበር ቀለማት ኣይንብሎምን ኢና።






FIGURE 4.15 *Hue.*

- **ጻዕቂ (saturation)**
  - saturation ንምድማቕን ምህሳስን ናይ ቀለም የመልክት
  - ምትሕዉዋስ ናይ ዝኾነ ቀለም ምስ ሓሙኽሽታይ ሕብሪ saturation ይፈጥር።



- **ድምቀት (brightness)**
  - ድምቀት (brightness) ኣብ መንጎ ጽዑቕ ጸሊምን ብሩህ ጻዕዳን ዘሎ ጻዕቂ ናይ ብርሃን (light intensity) የመልክት።



- **Tint**
  - Tint ዝፍጠር ንሓደ ዉጹእ ቀለም (pure hue) ጻዕዳ ምስ እንሕዉሰሉ እዩ።
  - ንሓደ ዉጹእ ቀለም (pure hue)ጻዕዳ ምስ እንዉሰኽሉ ከም ዉጺኡቱ ጻዕቂ (saturation) ይገድል።




FIGURE 4.19 *Tint.*


- **ድነ (shade)**

- ድነ (shade) ኣንጻር ናይ tint እዩ። shade ንሓደ ዉጹእ ቀለም ጸሊም ሕብሪ ምስ እንዉስኽሉ እዩ ዝፍጠር። ንሓደ ዉጹእ ሕብሪ ጸሊም ምስ እንዉስኽሉ ከም ዉጽኢቱ ብሩህነትይጎድል።



FIGURE *Shade.*

- **Tone**
  - tone ዉጽኢት ምሕዋስ ናይ ጻዕዳን ጸሊምን ምስ ሓደ ዉጹእ ሕብሪ እዩ። ስለዚ tone ዝበሃል ንሓደ ቀለም ሓሙኽሽታይ ሕብሪ ክሕወሶ ከሎ እዩ።



የቹንየለይ !!